# ኤርትራውያን ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን፡ 
# <u>ዕውት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣቃኒዮም!</u>

ግንቦት 7, 2011 ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ዝርከቡ ኤትራውያን፡
**“ውሁድ ቅኒት..ንሃገራዊ ክብረት”** ኣብ ትሕቲ ዝብል እዋናዊ ቴማ፡  ዝተኻየደ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፡ ብውዕዉዕ ሃገራዊ ወንን ዓወትን ተዛዚሙ።

እቲ ኣኼባ ብዝኸሪ ስውኣት ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ኣደ መንበር ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን፡ ወይዘሮ ፍረወይኒ ተኸስተ፡ ኣብ ዘስምዓቶ ቃል፡ ኣብ’ዘን ዝሓለፋ 6 ኣዋርሕ ናይ ዝተሳላሰሉ ዝተፈላለዩ ስርሓት መኸተ ጸብጻብን፡ ንመጻኢ ክትግበሩ ተወጢኖም ዘለዉ መደባትን መብርሂ ሂባ።

ሓደ ካብ’ቲ ክትግበር ተወጢኑ ዘሎ ዓቢ መደብ፡ ነቲ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2011 ኣብ ዘካይዶ ዓመታዊ ኣኼባኡ፡ በታ ንትግባረ እገዳ ትከታተል ኣካል፡(Monitoring Group) ጸብጻብ ዝቐርበሉ እዋን ስለ ዝኾነ፡ ትሕዝቶ እቲ ተቐርቦ ጸብጻብ ከኣ ካብ’ቲ ክትገብሮ ዝጸንሓት ኣሰካፊ ኣተሓሕዛ፡ ነቶም ብድሕሪት ከዝውርዋ ዝጸንሑ ኣካላት ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ቕንዕነቱን ርትዓውነቱን ስለ ዘየተኣማምን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራን፡ ብዓመጽን ሸርሕን ዝተወሰደ ዘይፍትሓዊ እገዳ ክስርዙ ዝጽውዕ፣ ነቲ ዶብ ከይሕነጸጽ ሓንጊዱ ዘሎ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ንሕጊ ክምእዝዘ ከገድዱን፣ ነቲ ኣውጅዎ ዘሎ ኵናት ክዅኑን ዝጠልብ፡ ንክልተ ሰሙን ዝኸይድ፡ ዓለም-ለኻዊ ወፈራ መኸተ፡ ምቅርራባት ክግበር ምኳኑ ሓቢራ።

ኣብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ሓለፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት  ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት፡  ኣብ’ዚ ኣኼባ ተረኺቡ፡ ንህልው ኩነታት ሃገር ኣመልኪቱ ሰፊሕን ኣዕጋብን መብርሂ ሂቡ። ኣቶ ብርሃነ ካብ ዝጠቐሶም ኣገደስት ነጥብታት፡ ”ሎሚ ሃገርና፡ ኣብ ብሩህን ዘተኣማምንን ንቕሎ ንቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ትሰጋገርሉ፡ ካብ ስጉሚ ናብ ዝላ ንውንጨፈሉ መድርኽ ተሰጋጊርና” ክብል ዝፈለሞ መግለጺ፡ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ፡ ድልዱል ትሕተ-ቅርጺ፡ ንመንጠሪ ኩሉ እንትናዊ ምዕባለ ዝሕግዝ ንግድን ዘበናዊ እንዱስትሪን፡ ግዳማዊ ወፍርን ዘተባብዕ፡ ዓበይቲ ስርሓት ተዓሚሙ ከምዘሎ ገሊጹ። ኣስዒቡ፡ ነዚ ክውን ንምግባር፡ ምምዕባል ሞያን ፍልጠትን ዝዓጠቐ ዓቕሚ ሰብ፣ ንቑሕን ውፉይን መንእሰይ ቅድመ-ኩነት ስለ ዝኾነ፡ መንግስቲ ፍሉይ ኣቓልቦ ሂቡ ክሰርሓሉ ሳላ ዝጸንሐ፡ ፍረ ክህብ ምጅማሩ ከኣ ህያው ምስክር ከምዝኾነን፣ ንዝያዳ ዕብየትን ዝተማልአ ቁጠባዊ ለውጢ ንምምጻእ ዝተፈጥረ ናህሪን ድርኺትን፡ በቲ ምህርቲ ክህብ ጀሚሩ ዘሎ ወፍሪ ዕደና ተሰንዩ፡ ዝተወሃሃደን ኣድማዕን ቁጠባዊ ሃገራዊ ፕሮጀክትታት ኣብ ምስልሳል ትርከብ ሃገርና፡ ራህዋን ብልጽግናን ተማዕድወሉ ብሩህ መድረኽ ደይባ ከምዘላ ሓብሩ።

ኣቶ ብርሃነ መግለጺኡ ብምቕጻል፡ ኣብ’ዚ ብራኸ’ዚ ክንበጽሕ ዝኸኣልና፡ ብዓቕልን ተጻዋርነትን፡ ብዘይ ምስልካይ፡ ንዝተፈላለየ ተጻብኦታት እናመከንና፡ ማእዝና ከይሰሓትና፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስና ውሽጣዊ ጸጋታትን ዓቕምን ብምምርኳስ፡ በቲ ቅኑዕ ራእይን መትከልን ዘመዝገብናዮ ድሙቕ ዓወት ዘየቕሰኖም ተጻባእቲ ሓይልታት፡ ንጉዕዞና ክኾልፉን ክዓናቕፉን፡ ሕጂ’ውን ከምዘይደቀሱን፣ ካልእ ሐድሽ ውዲታት ካብ ምእላም ዓዲ ከምዘይወዓሉን፡ ኣብነታት ኣልዒሉ ክገልጽ ከሎ፤ ወያነ ኣብ’ዚ እዋን እዚ፡ ኣብ ልዕሊ ልኡላዊት ሃገርና፡ ‘ኩናት ኣዉጁ’ ምህላዉ፡ እቶም ብድሕሪት ዝከናኸንዎ ኣካላት እውን እንተኾነ፡ ነዚ ብኣህጉራዊ ሕጊ እተኾነነ ነውራም ኣበሃህላ፡ ብስቕታ ዕሽሽ ኢሎም ምሕላፎም፡ መንግስቲን ህዝብን ኤርትራ ብዝለዓለ ትኹርነት ከምዝርእይዎን ክምክትዎ ድሉዋት ምህላዎምን ኣነጺሩ።

ነቲ ወያነን ሓብሓብቶምን ሒዞሞ ዘለዉ ፖለቲካዊ፣ ዲፕሎማስያውን፣ ቁጠባዊ ሽርሕታትን ተባሂሉ ኣብ 3 ምድባት ተኸፋፊሉ ፡ ገስጋስ ኤርትራ ንምትዕንቓፍን ምዅላፍን ተታሒዙ ዘሎ ተጻባኢ ውጥናት ብዝርዝር ድሕሪ ምብራህ፡ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ሒዝዎ ዘሎ ክልተ ዝብልሑ፡ ተውለ መደባት መኸተን ማእዝኑ ዝሓለወ ትግባረ ውጥናት ሃገራዊ ፕሮጀክትታትን፡ ህዝቢ ከም ወትሩ ሓድነቱ ኣትሪሩ ናብ ዝለዓለ ገስጋስን ዓወትን ክምርሽ ጸዊዑ።

ብዘይካ'ዚ ኣቶ ብርሃነ፡ ነዚ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ዝተኸስተ ዘሕዝን ሓደጋ፡ ንመንግስቲን ህዝብን ኤርትራ ዓቢ ክሳራ ምዃኑ ብምግላጽ፡ መንግስቲ ዜጋታቱ ኣብ ዘለዉዎ ቦታ፡ ድሕነቶምን ጽቡቕምን ንምውሓስ ክሰርሕ ካብ ዘለዎ ሓላፍነት ተበጊሱ፡ ንኩነታት ዜጋታቱ ብዝምልከት ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ዘድሊ ምዝርራብ ከምዝገበረን፣ ብመገዲ ኤምባሲኡ ኣቢሉ ከኣ ኩሉ ዓይነት ደገፍ ከምዝሃበን፣ ህንጻ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ እዋን ጸገም መዕቆቢ ኤርትራውያን ኮይኑ ከምዘሎን ብምግላጽ፡ እቶም ብጥፍኣት ደቂ ሰባት ዝነግዱን ዝኸስቡን ኣህጉራውያን ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ኢና በሃልቲን ናይ ውሽጢ መጋበርያታቶምን፡ ካብ'ዚ ዘሕዝን ኩነታት “ፖለቲካዊ መኽሰብ” ከትርፉ ምህቃኖም፡ እዚ ምጽንናዕን ምድግጋፍን ዝግበኦ ዘሕዝን ክስተት፡ መዋገዪን መባድልትን ፖለቲካዊ ክሳራታቶም ከውዕልዎ ዝሃቀኑ ወገናት መግለጺ ንድየቶም ካብ ምዃን ከምዘይሓለፈ ኣነጺሩ።

ድሕሪ'ዚ መድረኽ ዝተረከበ ፕሮፌሰር ተስፋይ ኣርዓዶም ብምቕጻል፡ ነዚ ሕጂ እነስተማቕሮ ዘሎና ሰላምን ምርግጋእን ቑጠባዊ ዕብየትን፡ ብኸመይ ከም እተበጽሐ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ኣሰንዩ፡ ከም ምሁር ስነ-ኣእምሮ መጠን፡ ስነ-ሞጎታዊ ትንታነን ኣገማግማን ከመይ ከም እተበጽሐ ክገልጽ ከሎ፡ ብቕዓት ተጻዋርነትን ብመንጽር ጸቕጢ ኣዛሚዱ፡ እቲ እተጠርየ ውህሉል ብቕዓት ጽንዓትን፡ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ፡ ካብ ወራራት ቱርኪ ዝጀመረ፡ ተኸታታሊ ገዛእቲ፡ ግብጺ፡ ኢጣልያ፡ እንግሊዝ ስዒቡ ኢትዮጵያን ክሳብ እዚ ሕጂ ሒዝናዮ ዘሎና እዋን ብዘይምቁራጽ፡ ህዝብና ንዘጋጥሞ ዝነበረን ዘሎን ጸቕጢ፡ ተጻዊሩን መኪቱን ንምስዓር፡ ኣብ መሰርሕ ቃልሲ ዘማዕበሎ ናይ ምጽዋር ክእለትን ባህሊን ውጽኢት ከምዝነበረ ኣሚቱ። እዚ ብልጫ እዚ ሓደ ካብ'ቲ መሰረታዊ ምስጢር ናይ ዓወቱ፡ ምስ'ቲ ስሙርን ጥሙርን ሓድነቱን ደሚርካ፡ እተጠርየ ሃብታም ባህሊ ከምዝነበረ ጸቒጡ ኣስሚሩሉ። ከም'ዚ ዓይነት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘውንን ህዝቢ፡ ኣብ ካልኦት ኣህዛብ ከምዘይተራእየን፡ ክንዲ ዝኾነ እዚ ውሑድ ህዝቢ'ዚ፡ ነቲ ምስ ቑጽሩ ዘይመጣጠን ብዝሕን ጸጋታትን ዘውንኑ ተጻባእቱ፡ ምስ ብዙሓት ናይ ግዳም ተሓጋገዝቶም፡ መኪቱ ተዓዊቱ፡ ሰላም ኣውሒሱ። ሕጂ እውን እዚ ጸጋ እዚ ዘውንን ህዝቢ፡ ከም ሕሉፍ ታሪኻዊ ኣመጻጽእኡ፡ ነዚ ሕጂ ዝገጥሞ ዘሎ ዕንቅፋታት ንምእላይ፡ በዚ ፍቱን ተመክሮኡ ክምክትን ክከላኸልን ብቕዓቱ ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

እቲ እኩብ ስነ-ኣእምራዊ ኣቃውማ ወይ ናይ ምጽዋር ባህሊ፡ ምስ ዓቕልን ተበላሕነትን መሃዝነትን ተበግሶን ንጹር ራእይን ህርኩትነትን ውፉይ ብጻያዊ ምትሕልላይ፡ ርእሰ-ምትእምማን ዘይተጸባይነትን ዝመለለይኡ ክብርታት ዘውንን ኤርትራዊ መንፈስ፡ ናይ ስነ-ኣእምራዊ ኩነተ ኣእምሮ ዝመራመሩ ፈላጣት ዝገበርዎ፡ ብመጽናዕቲ ሓቕነቶም ዝተራጋገጹ ዝተፈላለዩ ኣብነታት ብምዝማድ፡ ነቲ መርትዕኡ ዘነጽር ሰፊሕ ትምህርቲ ሂቡ።

ኣብ መዛዘሚ ትምህርቱ ድማ፡ በዚ ክቡር እንውንኖ ጸጋ ተማእዚና፡ ኣብ ውልቃዊ መናባብሮናን ማሕበራውን ሃገራውን ምንቅስቓሳትናን ትርጉም ዘለዎ ህይወት ክንመርሕ ከም እንኽእል ብምምልካት፡ ብዝለዓለ መዳዩ ልዕሊ ግዚያዊ ረብሓ ዝጠመተ፡ ንመጻኢ ወለዶታት ዘርብሕ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘንግስ ብሉጽ ባህልን ፖለቲካዊ ስርዓትን ክንሃንጽ ከም ዝከኣል ኣገንዚቡ።

ድሕሪ እዚ፡ ንተሳተፍቲ መድርኽ ተኸፊቱ፡ ካብ’ቲ ዝተዋህበም መግለጺታትን ትምህርትን ብምብጋስ፡ ሕቶታት ብምቕራብ ዘዐግብ መልስታት ድሕሪ ምርካብ፡ ምስ’ቲ ዛዕባታት ዝተተሓሓዘ ዝተፈላለየ ርእይቶታትን ነጥብታትን ብምጥቃስ ነቲ ትሕዝቶ ኣኼባ ዘሀብትም መንፈሱ ዘደልደል ተወሳኺ ምርድዳእ ተኻይዱ።

ካብ’ቲ ዝቐርብ ዝነበረ ኣገዳሲ ነጥብታት ድማ፡ “ውሕጅ ከይመጸ፡መንገዲ ውሕጅ ጽረግ እዩ እሞ” እዚ ናይ ወርሒ ሰነ ክግበር ተወጢኑ ዘሎ ወፈራና፡ ጽቡቕ ውጽኢት ምእንቲ ክርከቦ፡ ናይ ተቓውሞና መደባት፡ ኣቐዲምና ብዝሰፍሐን ዝሓየለን መገዲን ኣተሓሕዛታት ክንውድቦ፡ ቅልጡፍ ናይ ምቅላሕ ጎስጓሳት ስርሓት ክጅመሩ፡ ዝብል ለበዋታት ኣቕሪቦም።

ብተወሳኺ፡ ‘እቲ መንግስቲ ህዝቢ፡ እቲ ህዝቢ ድማ መንግስቲ’ ዝብል ዝመበገሲኡ መንፈስ መኸተ ንምሕያል ሕጂ እውን፡ ብስምረትን ውህደትን ኣብ ጎድኒ መንግስቱ ብምስላፍ፡ ክሳብ መወዳእታ ዓወት ከምዝምርሽ ምኳኑ ብምርግጋጽ፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ህንጻ፡ እቲ ካብ’ኣቶም ዝሕተት ኩሉ መዳያዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ምኳኖም አረጋጊጾም።

እቲ ወትሩ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መደባት ህዝባዊ መኸተ፡ ብስነ-ጥባበዊ ኣበርክሮኡ ዝፍለጥ ገጣማይ ኣቶ ኣያሁን ኪዳነማርያም፡ “ግዜ” ዘርእስታ ግጥሙ ጌሩ ንተሳተፍቲ፡ ነዚ እንሓልፎ ዘሎና መድርኽ ምዕባሌታት እትድህስስ፡ ንብድሆታትን ዓወታትን እተንጸባርቕ ሓያልን ዓሚቑን ዝትሕዝትኡ መሃሪ መልእኽቱ ኣመሓላሊፉ።

እዚ ኣኼባ እዚ ኣብ ቅንያት ጽምብል በዓል ናጽነት 20 ዓመት እተቓንዐ ኣኼባ ብምንባሩ ድማ ድርብ ዕዙዝነት ኔርዎ።

ነዚ ኣገዳሲ ኣኼባ ዝመርሑ ኣባላት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. መንእሰይ መኮነን ገብረማሪኣምን መንእሰይ ሲሞነ ማሪዮቲን፡ ኣባል ሓይሊ ዕማም መኸተ ኣቶ ኣማኑኤል ብኢደማርያምን ነቲ ኣኼባ ብውሕልነት ኣልዮሞ።

## ዓወት ንሓፋሽ!

ዘላኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!
ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፡ ዋሺንግተን ዲስን ከባቢኣን።